*መሰረተ ኣልቦ ክሲ።*

መንግስት ኤርትራ ብዓመጽቲ ስለ ዘይተማእዘዘን ጻረ ጥቕሙ ስለ ዘይተንበርከኸ ዘይስሙን ዘይተግባሩን ምሃብ ኣብ ሃገርና ኤሪትራ ከምዘይሰርሕ ጸላእትና ኣጸቢቖም ይፈልጥዎ እዮም። ዝሰርሕ ኔይሩ እንተዝኸውን ቀደም ገዛእቲ ንኤርትራ ኣብ ክልተ ከፊሎም ማለት ከበሳዊ ምስ ኢትዮጵያ ምዕራባዊ ቆላ ምስ ሱዳን ዝብል ከፋፋሊ ሓሳባቶም ምተዓወተ። ህዝቢ ኤርትራ ብሓንሳብ ምንባርን ብሓንሳብ ምስያፍ እዩ መሪጹ። ኣቦታትና ንኽይጣላለሙ ክስታናይ ቁርኣን ጠቒዑ፡ ኣስላማይ መጽሓፍ ቁዱስ ጠቂዑ። ኣስላማይ ክስታናይ ዘኽስተኖ በሊዑ፡ ክስታናይ ኣስላማይ ዘመስለሞ በሊዑ፡ ስለምንታይ ስለ ሓድነትን እምነትን። ካብዚ ዝዓቢ ቅናት እምነት ኣብ ዓለም ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን።

ጸላትእትና ካብ ቀደም ኣርባዓታት ኣትሒዞም በብእዋኑ ሓድነትና ክበታትኑ ዘይፈተንዎ ሜላታት ኣይነበረን። ኩሉ ፈተነኦም ከኣ ምስቲ ዘስካሕክሕ ግፍዕታት ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ከይተዓወተ ይተርፍ ከም ዝነበረ ታሪኽ ዝምስክሮ እዩ። ብሃይማኖት፣ ብጆኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ፣ ብስልጣን፣ ብሃብቲ (ብላዕ)፣ ብወታሃደራዊ ሓይሊ ወዘተ....ስለ ዘይትዓወቱ ኣብ መወዳእታ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ኤርትራ ብሓይሊ ብዘይ ፍታው ህዝባ ኣብ ትሕቲ እታ ብኹሉ ትሕዝቶኣ ካብኣ እትድሕር ኢቲዮጵያ ክትቁረን ገሮም። እቲ ቁሩብ ፍትሕን መሰልን ነይሩ ዝበሃል ኣኽቲሙ፡ ኤርትራ ኣብ ድቕድቕ ባርነትን መግበጥትን ኣተወት። ይኹንእምበር ኤርትራዊ ኣእሙሩ ተንቢጢ ኣይፈልጥን። ካብ ዘጓኑፍዎ ዝነበሩ ሽግራት እናተማህረ ነቶም ዝመጹዎ ዝነበሩ ጸገማት ኣብ ምምካት ዓቢ ተሞኩሮታት ከሰበ። እቲ ጽንዓትን ተወፋይነትን ኣብ ቦታኡ ስለ ዝነበረ ከኣዩ እቲ ቃልሲ ካብ ዎሎዶ ናብ ዎሎዶ እናተሰጋገረ ዝመጸ። እዚ ጽንዓት’ዚ ከኣ’ዩ ነቲ ብረታዊ ቃልሲ ዝወለደ።

እቲ ማሕላ ናይ ኣቦታትና ኣብ ገድሊ’ውን ቀጺሉ’ዩ። ተጋዳላይ ብስጋ፡ ብመውስቦ፡ ብእምነት፡ ብጾታ፡ ብዓሌት፡ ብሞቦቆል ወዘተ.... ከይተፈላለየ ንሓደ ዓላማ ንሃገራዊ ረብሓ፡ ሕሰምን መከራን፣ ሕማምን ጥመትን፣ ዕርቃንን ሰእነትን እናተባራረዩ፡ ሂወቱ ኣብ መስርዕ መስዋእትነት ኣሰሊፉ፡ ተስፋን ሞራልን ሰኒቐ ብተሪር ስነስርዓት ተነዲቐ፡ ነቲ ዝብድሖ የለን እናተባህለ ዝንገረሉ ዝነበረ ካብ ኣፍሪቃ ዝበዝሔ ዕጥቅን ሰራዊትን ዝነበሮ ወተሃደር ደርጊ ሕፍረት ኣስኪሙ ከምዘይነበረ ዝገብሮ።

ኣብ ሃኣገርና ብባዕዳውያን ዘይተፈጸመ ግፍዒ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ዘይከኣል’ዩ። ኣደታት ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ከብደን ብሳንጃ ተቐዲዱ፡ ኣቦታት ብገመት ተሓኒቖም፣ ብጥይት ተረሺኖም፣ መንእሰያት ከም ጨው ሓቂቖም። ደቀንስትዮ ክብረን ተደፊሩ። መሳጊድና፣ ቤተ ክርስትያናትና ብሓዊ ሓሪሩ ብመዳፍዕ ተደምሲሱ።ፋብሪካታትና ተነቂሉ ንኢትዮጵያ ተወሲዱ። ብቓንቓታትና ከይንመሃር ተነፊጉና። ካባና ንላዕሊ ብገዛእትን ኣሕሉቖምን መሰሉ ዝተገፈ ህዝቢ ኣብ ዓለም እንተሎ ኣዝዩ ውሑድ’ዩ። ካባና ንላዕሊ ንመሰሉ ዝተጣበቐን ዝተዋግኤን ዝተሰውኤን’ ውን ዉሑድ’ዩ። ግን ጽንዓትናን ሓድነትናን ከሳብ ዓወት ኣብጺሑና።

ጸላእትና ሓድነትና ንምዝራግ ገና እቲ ናይ ኣርባዓታት ሕልሞም ስለ ዘይተተግበረ፣ እቲ ፈታው ሃገሩ ዝኾነ ህዝቢ መንነተይ ኣይሸይጥን ስለ ዝበለ፡ እቲ ፈተነ ቀጻሊ እዩ ጸኒሑ። ሎሚ እቶም ትማሊ ጸረ ሃጸይነትን ገፈፍቲ ሰብኣዊ መሰልን ንቃለስ ዝብሉ ዝነበሩ ኩርኩር ሃጸይነት ጥራሀ ዘይኮነስ ኩርኩር ናይ ኩርኩር ሃጸይነት ምዃኖም እዩ ዘገርመካ። እተን ሰብኣዊ መሰል ኤርትራውያን ተጣበቕቲ ክመስላ ኣብ ሕቡራት መንግስታ ቁይጥ ምባል ክብሪ ዝህበን ዝመለን :ንኽብሪ ጅግና ኤርትራዊ ከም መጋበርያ ወዲ ተባዕታይ ገረን ዝገልጻ ሓሰውቲ ካብ ዕሱባት ምዃን ሓሊፈን ካልእ ከኾና ስለ ዘይከእላ ምስቶም ንዕርበቶም ጽቡቕ ታሪኽ ከይሰርሑ ወይ ምስቶም ንጅግና ታሪኾም ኣብ ጉሓፍ ዝደርበዩ መሳርሒ ካብ ምዃ ሓሊፈን ዘውቅይኦ ነገር የለን። ጅግና ኤርትታዊት ብቓልሳ ትሕበን፣ ብህዝባን ብጾታን እትኸበር፡ ሰራሒት ቅያ ብከድዓት ስማ ክለዓል ኣይተፍቅድን እያ።

1. ስለምታይ’ዩ ሕቡራት መንግስታት ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰል በሃላይ ብዛዕባ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝዛረብ? እቲ ኣጀንዳ ናይባዕሉ ኣይኮነን። እንካ ተባሂሉ ዝተዋህቦ እዩ። ወያነ ንብዓታ ኣብ ጠረበዛ መራሕቲ ኣሜረካ ምስ ኣንጠብጠበት፣ ኣሜሪካ ንሓይሊ ሰራዊትና ንምድኻምን ንወያነ ሩፍታ ንምሃብ ዝተሃቀ ሃንደሳ እዩ። ንሰራዊትና ኣብ ንቡር ናብራኡ ክምለስ ሰናይ ድሌት እንተዝነብሮም፡ ንኢትዮጵያ ካብቲ ጎቢጣ ሒዛቶ ዘላ መሬትና ከተውጽኣ ምተገብኤ። ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ከኣ ነዚ ከተግብሩ ምተገብኤ። እቲ ዓላማ ግን ኩሉ ኤርትራዊ ፈታው ሃገሩ ፈሊጥዎ ከም ዘሎ፡ ብዘይ ጥይት ንስዕረትና ዝተጠጀኤ ኩናት ምዃኑ እዩ።

2 . ሳዋ ኣደ ሓበን፣ ኣደ ጅግንነት፣ ኣደ ጽንዓት፣ ኣደ ፍልጠት፣ ኣደ ሕውነትን ኣደ ፍቕርን እያ። እተን ክልተ ከሰስቲ ኤርትራውያን ንጅግንነት ኣሕዋትናን ደቕናን ጽንዓተንን ኣብ ቕድሚ ዓለም ንሓሶት ሓቂ ከምስላ “ኣብ ሳዋ ተዓሚጸን” ምባል ዓቢ ገበን ምዃኑ ክርድኣ ይግብኤን። እዚ ከኣ ዝኾነ ኤርትራዊ ፖሎቲካዊ መርገጹ ብዘየግድስ ነዚ ናይ ሓሶት መናፍሕ በዘን ዕሱባት ዝቐረበ ክሲ ኣሓቱ ንፖሎቲካዊ ቁማር ክውዕላ ከፍቕድ የቡሉን ። ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራዊት ክብራ ኣብ ሃገራ ጥራሕ ዘይኮነት ኣብ መላእ ዓለም ብጅግንነታ ዝተመስከረላ እያ።

3 ምፍራስ ገዛውቲ። ኣብ ዝኾነ ዓለም ገዛ ብዘይ ፍቓድ ዋንኡ ክፈርስ ዝድግፍ ሰብ ዘሎ ኮይኑ ኣይስማዓንን። ኣብ ኤርትራ ውን ኮምኡ። እዚ ከኣ ብዝያዳ ንመንግስቲ ኤርትራ የሕምሞ። ብኣዋጅ ዝኾነ ገዛ ብዘይ ፍቓድ ከይሰራሕ’ውን ተነጊሩ እዩ። ኮይኑ ግን ገለ ሕጊ ኣኽቢሩ ክጽበ ከሎ ፣ ገለ ከኣ ብኢደ ወንኑ ኣስሪሑ። ሕጊ ስለ ዝጠሓሰ ከኣ ሕጋዊ ስጉምቲ ይውሰደሉ። ከምቲ ብከሰስቲ ኣብ ሓደ ዓዲ ከም ዝፈረሰ እዩ። እዚ ግን ሓሶት እዩ። ኣብ ኩሉ ከተማታ ሕጊ ዘይኣማልኤ ገዛውቲ ፈሪሱ። ዘይፈረሰ እንተሎ’ውን ክፈርስ እዩ። ስለምታ ልዕሊ ሕጊ ዝኸይድ ነገር ስለ ዘየለ።

4 ፖሎቲካዊ ፓርቲታት ኣየፍቅድን እዩ ዝበሃል ክሲ’ውን ኣሎ። እዞም ብወገን ዝተላዕጠጡ፡ ብደገፍ ምዕራባውያን ከም ፖሎቲካዊ ፓርቲ ክቖሙ ኢሎም ዝሓስቡ እንተዘይተዛረቡ ይሓይሽ። መንግስቲ ኤርትራ ኣይኮነን ቁሙ ኣይትቑሙ ዝብል፡፡ ወይ ውን ሃጸያውያን ኣይኮኑን ሃብዎም ዝብሉ። ህዝቢ ኤርትራ እዩ ዝውስን። ብዝያዳ ከኣ ተግባራቶም እዩ ዝውስኖ። ምስ ወያነ ተጸጊዕካ ጸረ ሓፋሽ እናሰራሕካ ብዛዕባ ፖሎቲካዊ መሰል ክትሓትት ጸረ ህዝባዊ መትከል እዩ።

5 ብልሽውና ዝብል ክሲ። ኣብ ዝኾነ ይኹን ዓለም ብልሽውና ዘይብሉ የለን፡፡ ኣብ ሃገርና የለን ኣይበሃን። ግን ክሳብ ክንደይ ይኸውን? ክምለስ ዘሎዎ ሕቶ'ዩ። ኹሉ ፈታዊ ዝመስከረላን ዝምስክረላ ዘሎን፣ ሃገር ብልሽውና ዘይራኣየላ ፣ ከም ዘሎ ዘይቁጸር ኣዝዩ ትሑት መለክዒ ዘይብሉ ኣብ ኣፍሪቃ እንተላ ኤርትራ ጥራሕ ኣያ። ኣብ ብልሽውና ተዋፊሩ ዝተረኽበ ከኣ ጉቡእ ስጉምቲ ይውሰደሉ፡፡ ሓደ ክፍለጥ ዘለዎ ብልሽውና መንግስቲ ኣይኮነን ዝዓግቶ። ህዝቢ ጉቦ እንተዘየብሊው ወይ ጉቦ ዘብልዔን ዝበልዔን እንተዘየቃሊው ብልሽውና ክስዕርር ናይ ግድንዩ። ኹሉ ኣዕናዊ ስሪሒታት መስዋእትነት ከም ዝሓትት ክዝንጋዕ የብሉን።

6 ብዛዕባ ኣብ ኣስመራ መብራህቲ ዳርጋ የለን ዝብሉ። ኤርትራ ኣስመራ ጥራሕ ኣይኮነትን። ከም ዋና ከተማ ወጻእተኛታት ክርእዩልና ኢልካ፡ ገጠራት ከም ኣብ ግዜ መግዛእቲ ደፊንካ ኣስመራ 24 ሰዓታት ክትበርህ ምግባር ካብ መትከል ወጻኢ’ዩ። ግን ኣስመራ’ውን ኣይተሸገረትን ዓቕማ ኣለዋ። ንምኽሳስ ክጥዕም ሓሶት እንተተኾመረ ሓሶት ካብ ምዃ ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን። ሎሚ ኣብ ኤርትራ በብዓቕሙ ኩሉ ገጠራት ይኹን ከተማታት መብራህቲ ዘይብሉ የሎን። እቲ ጻዕርታት ከኣ ቀጻሊ እዩ። ዓወት እናጎልሐ ይርኤ ኣሎ። ንኣብነት ሳላ መንግስቲ ምስ ሱዳን ዝገበሮ ጽቡቕ ሕውነታዊ ጉርብትና ሎሚ ተሰነይ 24 ሰዓታት መብራህቲ ረኺባ ኣላ።

7 ሰብኣዊ መሰሎም ዝተነፍጎም 500 ብኣካል 160 ከኣ ብጽሑፍ ዝብል ተጣባቒት ሰብኣዊ መሰል በሃሊት፡፡ ካብ ናብ ሓደ ሚሊኦን ዝቀራረብ ኤርትራዊ ኣብ ወጻኢ ዘሎስ ነዞም ገሊኦም ብስም ኤርትራዊ መንነት ናይ ስርቂ ዝተመዝገቡ ዘይኤርትራውያን ቖጽራ፣ ብሰብእዊ ግህሰት ክትከሰና። ባዕላ እንዶ ግዳ ናይ ሚልዮን ዝኣክል ኤርትራዊ ኣብ ደገ ዘሎ ናይ ክሕተት ዘለዎ መሰል ገፊፉ ኣየላን።

ሕቡራት መንግስታት ሓላፍነቱ ብጉቡእ ክፈልጥ ይግብኦ። ካብ ጎደናታት ገፋፊጥካ መንነቶም ከየረጋገጽካ ኤርትራውያን ዝብል ስም ኣጠሚቕካ ሰብኣዊ መሰሎም ዝተገፉ ኢልካ ምኽሳስ፣ ኣብ ሊዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ንዕቀት ዘርኢ እዩ። ኤርትራዊ ብጀካ እቶም ውሑዳት ገበኖም ኣብዘይዕረየሉ ደረጃ ዝብጽሑ ገዲፍካ ንህዝቡን ንሃገሩን የሕሊፉ ክህብዩ ኢልካ ምሕሳብ ዘበትዩ። ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝገብሮ ዘሎ ገበን ካብቲ መዎልቱ ዝፍጽምዎ ዘለዉ ንላዕሊ እናበኣሰ ይኸይድ እሎ።

ተሳትፎና ንሃገራዊ ህንጻት ይበርትዕ።
ቕልጽምና ይትረር ከምቀደሙ።
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።